# እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም

# Klæbu

# School Band ብጸሓን መጻእካ

ግዜ ሰሌዳ ባንድ ..... 2
ኣብ እዋን ልምምድ ባንድ ዝህሉ ናይ ወለዲ ሓላፍነት ..... 3
ካልኦት ንጥፈታት ..... 3
ማሕበራዊ ጒዕዞታት ..... 4
ናውቲታት ..... 4
ክፍሊት ኣባልነት ..... 4
ገንዘብ ምእካብ፦ ዕዳጋ ቀዳመ ሰናብቲ ን “Tøffe Tørk” ን ..... 4
ፍትሓዊ ጸወታ ..... 5

# ግዜ ሰሌዳ ባንድ

Klæbu School Band ነቶም ዕድሜኦም ኣብ መንጎ 6ን 19ን ዝኾኑ ኣወዳትን ኣዋልድን ዝምልከት እዩ።

ኩሉ ሰብ ኣባልነት ማሕበረሰብ፣ ዕዉትነትን ከምኡ ድማ ኣብ ሙዚቃ ምጽዋት ዘሎ ባህታ ክስምዖን ኢና ንደሊ።

ሓበሬታ ኣብ ናይ ሞባይል መተግበሪ Tutti ይካፈል እዩ፣ ኣብ'ዚ ድማ ዝወጹ መደባትን ኩሎም ንጥፈታት ዝካየዱሎም ቦታታትን ዝምልከት ሓበሬታ ክርከብ ይኽእል እዩ። እንተደኣ ገለ ሕቶታት ኣለዉኻ ኮይኖም፣ ከይተሰከፍካ ብ leder@klabu-smk.no ኢ-መይል ለኣኽልና።

ብዘይካዚ እንተደኣ ውሉድካ ሓሚሙ ወይ ኣብ ሓደ ንጥፈት ኪካፈል ዘይክእል ኾይኑ፣ ብ ናይ ሞባይል መተግበሪ Tutti ኣቢልካ ክትሕብረና ትኽእል ኢኻ።

ልምምዳት ወትሩ ሓሙስ ኣብ Sørborgen Primary School ይካየዱ።

ናይ'ቲ ባንድ ናይ ግዜ ሰሌዳ ነቲ ናይ'ቲ ቤት ትምህርቲ ናይ ግዜ ሰሌዳ ስዒቡ ዝዳሎ እዩ፣ በዚ ድማ ብዘይካ ከም መዓልቲ ቅዋም ሃገር፣ ሴሚናራትን፣ ውድድራትን እቲ ዓመተ ትምህርቲ ምስ ተወደአ ዝካየዱ ናይ ባንድ ምብጻሓትን፣ ኩሎም ዕረፍቲታት ኣብ ናይ ቤት ትምህርቲ በዓላት እዮም ዝህልዉ።

ኣብ'ታ ቐዳመይቲ ዓመት፣ ውላድካ ኣባል እታ ናይ ጀመርቲ ባንድ ክኸውን እዩ፣ ኣብ'ዚ ድማ ነታ ዝተመደበትሎም ናይ ሙዚቃ መሳርሒ ክላለዩን ብሓባር ኮይንካ ምጽዋት ክለማመዱን እዮም። ካብ'ዚ ብተወሳኺ፣ ምስ'ቶም ብዕድመ ዝዓብዩዎም ኣባላት ኣብ ናይ ሙዚቃ ምርኢታትን ውድድራትን ተሳተፍቲ ክኾኑ እዮም።

እቶም ልምምድ ዚግበረሎም ግዜያት ኺፈላለዩ ዚኽእሉ እኳ እንተኾኑ፣ እቲ ልሙድ መደብ ግና ____________________ ኮይኑ፣ ዝኾነ ኣብ'ቲ መደብ ዚግበር ለውጥታት ድማ በቲ ናይ ሞባይል መተግበሪ Tutti ኣቢሉ ኺእወጅ እዩ።

ኣብታ ኻልኣይቲ ዓመት ናብ ጁንየር 1 ክዘዋወሩ ኮይኖም፣ ኣብ'ዚ ድማ ምስ ጁንየር 2 ብሓባር ኣብ ጁንየር ባንድ ኪጻወቱ እዮም ፣ እቲ ልምምድ ድማ ን ቀኍብ ንውሕ ዝበለ ግዜ ክኸውን እዩ።

እቶም ልምምድ ዚግበረሎም ግዜያት ኺፈላለዩ ዚኽእሉ እኳ እንተኾኑ፣ እቲ ልሙድ መደብ ግና ____________________ ኮይኑ፣ ዝኾነ ኣብ'ቲ መደብ ዚግበር ለውጥታት ድማ በቲ ናይ ሞባይል መተግበሪ Tutti ኣቢሉ ኺእወጅ እዩ።

ኣብ'ታ ሳልሰይቲ ዓመቶም ድማ ብዘይካ እቲ ምስ'ቲ ቀንዲ ባንዲ ብሓባር ልምምድ ዝገብሩሉን ምርኢት ዘቕርቡሉን ቕድሚ መዓልቲ ቅዋም ዘሎ እዋን፣ ኣብ ጁንየር 2 ምስ ጁንየር 1 ኺጻወቱ እዮም።

እቶም ልምምድ ዚግበረሎም ግዜያት ኺፈላለዩ ዚኽእሉ እኳ እንተኾኑ፣ እቲ ልሙድ መደብ ግና ____________________ ኮይኑ፣ ዝኾነ ኣብ'ቲ መደብ ዚግበር ለውጥታት ድማ በቲ ናይ ሞባይል መተግበሪ Tutti ኣቢሉ ኺእወጅ እዩ።

ካብ'ታ ራብዐይቲ ዓመት ንደሓር ኣብ'ቲ ቀንዲ ባንድ ኪጻወቱ እዮም። ይኹን እምበር ቈልዑ 5ይ ክፍሊ ኽሳዕ ዝበጽሑ ምስ ቀንዲ ባንድ ክሓብሩ ኣይክእሉን ኢዮም፣ ስለዚ ኣቐዲሞም እንተድኣ ጀሚሮም ኣብ ጁንየር ባንድ ቁሩብ ግዜ ክጸንሑ ኣለዎም።

እቶም ልምምድ ዚግበረሎም ግዜያት ኺፈላለዩ ዚኽእሉ እኳ እንተኾኑ፣ እቲ ልሙድ መደብ ግና ____________________ ኮይኑ፣ ዝኾነ ኣብ'ቲ መደብ ዚግበር ለውጥታት ድማ በቲ ናይ ሞባይል መተግበሪ Tutti ኣቢሉ ኺእወጅ እዩ።

ንነፍሲ ወከፍ ልምምድ፣ ዕድሚኦም ብዘየገድስ፣ ናይ ሙዚቃ መሳርሒታቶም፣ ናይ'ቲ መሳርሒ ቀዋሚ፣ ናይ ሙዚቃ ወረቐት፣ እርሳስን ናይ ማይ ጥርሙዝን ሒዞም ክመጽኡ ኣለዎም። ኩሉ ናይ ሙዚቃ መሳርሒታቶም፣ ናይ'ቲ መሳርሒ ቀዋሚ፣ ናይ ሙዚቃ ወረቐት፣ እርሳስን ናይ ማይ ጥርሙዝን በቲ ባንድ ኢዩ ዝዳሎ፣ ኣብታ ናይ መጀመርታ መእተዊ ፕሮግራም ድማ መምህሮም ክህቦም ኢዩ። እቶም ተምሃሮ ኣብቲ ናይ መጀመርታ ልምምድ ባንድ ቅድሚ ምክፋሎም፣ ምስ ናይ ሙዚቃ መምህሮም እንተወሓደ ሓደ ምይይጥ ክህልዎም እዩ።

ወለዲ ምስ ካልኦት ወለዲ ንኺራኸቡን ብዛዕባ እቲ ባንድ ዝያዳ ሓበሬታ ንክረኽቡን፣ ኣብ'ቲ ናይ ልምምድ ግዜ ክመጹ ይተባብዑ።

# ኣብ እዋን ልምምድ ባንድ ዝህሉ ናይ ወለዲ ሓላፍነት

ንሕና ከም Klæbu School Band ወለዲ እቶም ልምምዳት ኣብ ዝካየዱሉ እዋን ወለንታዊ ስራሕቲ ክሰርሑ ንሓቶም። ዕማም ወለንተኛታት, ንተጻወትቲ መንበር ምድላው፡ ድሕሪን ቅድሚን ልምምዳት ንጉጅለ ፐርከሽን ነቶም (ከም ከበሮ ዝውቅዑ ናይ ሙዚቃ መሳርሒታት ዝሓዙ) ናይ ሙዚቃ መሳርሒታት ኣብ ምድላውን ካብ'ቲ ዝተሰቐሉሉ ኣብ ምውራድን ምሕጋዝ፣ ከምኡ'ውን ኣብ እዋን ምምጻእ፡ ዕረፍቲን ድሕሪ ክፍለ ግዜን ምሕጋዝ ዘጠቓልል ከኸውን እዩ። ኣብ ግዜ ዕረፍቲ፣ ንተጻወትቲ ምክትታል ኣገዳሲ እዩ፡ ምኽንያቱ ገሊኦም ሓገዝ ከድልዮም ይኽእል እዩ። ሓደ ሰብ ብሃንደበት ኣብ ልዕሊ ገዛእ ርእሱ ማዕጾ ከሽግጥ ዝኽእል ብምዃኑ፣ነተን ኣብ ትሕቲ ምድሪ ዝርከባ ሽቓቓት ክትፍትሹ ንላበወኩም። እቶም ቈልዑ ኣብ ውሽጢ ኣዳራሽ ክነዩ ከም ዘይብሎም ዚፈልጡ እኳ እንተ ኾኑ፣ ክርስዕዎ ስለ ዝኽእሉ ግን ቁሩብ መዘኻኸሪ ከድልዮም ይኽእል እዩ። ኣብ እዋን ዕረፍቲ፣ እቶም ተጻወትቲ ቐድሚ እቲ ዚቕጽል ክፍለ ግዜ ምጅማሩ፣ ናብ'ቲ ናይ ልምምድ ክፍሊ ጽሩይ ኣየር ምእንቲ ክኣቱ ካብቲ ልምምድ ዚግበረሉ ኽፍሊ ኺወጹ ኣለዎም።

ኣብ ሓደ ሴሜስተር እንተ በዝሐ ንኽልተ እብረታት መደብ ክትሓዘልካ እዩ። እንተደኣ እቲ ዝተመደበልካ ዕለት ዘይምችወካ ኮይኑ፣ ምስ ካልእ ወላዲ ኽትልዋወጥ ትኽእል ኢኻ። ኣብ'ቲ ውሉድካ ልምምድ ዝገብረሉ ግዜ ኽትምደብ ኢኻ፣ ዋላ ኣብቲ ባንድ ብዙሓት ቆልዑ ይሃልዉኻ፣ ኣብ ሓደ ሴሜስተር እንተ በዝሐ ንኽልተ እብረ ጥራይ ኢኻ ኽትምደብ።

# ካልኦት ንጥፈታት

ኣብ ምሉእ ጻንሒት ሓደ ዓመት ተወሳኺ ልምምድን ትምህርትን ንምርካብ ኣብ ቀዳመ-ሰናብቲ ካብ 3-4 ሰሚናራት ንገብር ኢና። ኣብዚ ኣጋጣሚታት እዚ መብዛሕትኡ ግዜ ኻብ ወለዲ ቁሩብ ተወሳኺ ሓገዝ የድልየና እዩ፣ በዚ ድማ ኩሎም ወለዲ ብማዕረ ኣበርክቶ ከም ዝገብሩ ንምርግጋጽ ዝርዝር ወለንተኛታት ነዳሉ ኢና። እንተደኣ እታ ዝተመደበካላ መዓልቲ ዘይትጥዕመካ ኮይና፣ ካልእ ክለዋወጥ ዝደሊ ወላዲ ምህላው ዘይምህላዉ ንምፍላጥ፣ነታ ናይ ሞባይል መተግበሪ ዝኾነት Tutti ብምጥቃም ክትርኢ ትኽእል ኢኻ።

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ናይ ፎል ግዜያት፣ መብዛሕትኡ ግዜ ድማ ኣብ ወርሒ ሴፕቴምበር፣ እቲ ባንድ ኩሎም ወለዲ ኺሳተፉሉ ትጽቢት ዚግበረሉ ናይ ገንዘብ መተኣኻኸቢ ዝኾነ ዓብዪ ምድላው ተካይድ እያ። እዚኣ ናይ ቀዳመ ሰናብቲ ዕዳጋ ዝግበረላን ምስ ካልኦት ወለዲ ክትራኸብ ዓብዪ ዕድል ትረኽበላን ካብ'ቲ ዓመት ኣዝያ ተሐጉስ ቀዳመ ሰናብቲ እያ። ዝያዳ ሓበሬታ እንተ ደሊኻ ነቲ ናይ ገንዘብ መተኣኻኸቢ ክፋል ርአ።

ካብ'ዚ ብተወሳኺ ኣብ ናይ ፎል ግዜ፣ መብዛሕትኡ ግዜ ድማ ኣብ ወርሒ ኦክተበር፣ ብምሉኦም ኣባላት እታ ባንድ ብሓባር ኣብ ዚጻወቱሉ ውድድር ባንድ ንካፈል ኢና። ኣብ'ቲ ዕለት ኣውቶቡስ ክንካረ ብምዃንና፣ እቶም ቈልዑ ንመጓዓዝያ ዝኸውን ገንዘብ ክኸፍሉ ኣየድልዮምን እዩ። ገሊኦም እቶም ወለዲ ከም ሓገዝቲ ኾይኖም ተሳትፎ ይገብሩ፣ካልኦት ድማ ከም'ቲ ዝጥዕመም ኮይኖም ነቲ ውድድር ክዕዘቡ እዮም።

እዘን ውድድራት እዚኣተን ብኻልኦት ጒጅለታት ዝተወደባ እየን፣ በዚ ምኽንያት ወለድን ተዓዘብትን መእተዊ ኽፍሊት ክሕተቱ እንከለዉ፣ እቶም ኣባላት እቲ ባንድ ግን ብናጻ እዮም ዚኣትዉ ።

ኣብ ወርሒ ዲሰምበር፣ ኣብ ምንታይ ንሰርሕ ከም ዘለና ንምሕባርን ገለ ናይ ታሕጓስ በዓላት ንምዝርጋሕን ክንብል፣ ኣብ በዓል ልደት ሙዚቃዊ ምርኢት ንገብር ኢና። እቲ ሙዚቃዊ ምርኢት በቲ ናይ ቤት ትምህርቲ ባንድ ዝውደብ ኮይኑ፣ ኩሉ ሰብ ድማ ብናጻ ኢዩ ዝኣቱ። ኣብ'ዞም ኣጋጣሚታት እዚኣቶም፣ ኣብ ምድላው፣ ምጽራይ፣ ነቲ ድኳን ንምምራሕ ከምኡውን ዝሸየጥ ኬክ ንምስንካትን ሓገዝ የድልየና ኢዩ።

ኣብ ድሮ በዓል ልደት፣ እቲ ቐንዲ ባንድ ኣብ ቤተ-ክርስትያን መብዛሕትኡ ግዜ ድማ ኣብ እዋን ኣገልግሎት ስድራቤት ምርኢት ሙዚቃ የቕርብ።

ኣብ ወርሒ ፌብሩዋሪ፣ ኣብ Olavshallen ኣብ እተገብረ ናይ ቤት ትምህርቲ ጕጅለታት Trønder championship (ውድድር ትሮንደር) ተኻፊልና ኢና። እቶም ተወዳደርቲ ምስ ጁንየር 1ን 2ን ኪጻወቱ ኸለዉ እቲ ቐንዲ ባንድ ከኣ ንበይኑ እዩ ዚወዳደር። ንወለድን ንተዓዘብትን ናይ መእተዊ ኽፍሊት እኳ እንተሎ ኣባላት እቲ ባንድ ግን ብናጻ ኢዮም ዝኣትዉ። እቲ ውድድር ኣብ Trondheim ኪግበር ከሎ ኣውቶቡስ ኣይክንካረን ኢና፣ የግዳስ ሰባት መካይን ብሓባር ክጥቀሙ ኢና እንተባብዕ ።

Stjerneaften መብዛሕትኡ ግዜ ቕድሚ መዓልቲ ቅዋም ዚኽበር ዓመታዊ በዓልና እዩ። ኣብ እዋን Stjerneaften፣ እቶም ተጻወትቲ ንነፍሲ ወከፍ ዝተጻወቱላ ዓመት ኣብቲ ባንድ ናይ ባንድ ዩኒፎርሞም ሓድሽ ኰኾብ ይቕበሉ እዮም። እዚ ምድላው በቲ ናይ ቤት ትምህርቲ ባንድ ኢዩ ዝውደብ፣ ኵሉ ሰብ ድማ ብናጻ ኢዩ ዝኣቱ። ኣብ'ዞም ኣጋጣሚታት እዚኣቶም፣ ኣብ ምድላው፣ ምጽራይ፣ ነቲ ድኳን ንምምራሕ ከምኡውን ዝሸየጥ ኬክ ንምስንካትን ሓገዝ የድልየና ኢዩ።

ኣብ መዓልቲ ቅዋም፣ ሜይ 17፣ እቶም ቀንዲ ባንድን ጁንየር 2ን ንግሆ ኽጻወቱ ኸለዉ እቶም ተምሃሮን ጁንየር 1ን ከኣ ኣብ ምሳሕ ሰዓት ብምምጻእ፣ ምስቶም ዝተረፉ ኣባላት እቲ ባንድ ኰይኖም ኣብቲ ናይ ቤት ትምህርቲ ሰልፊ ይሳተፉ። እቶም ተምሃሮን ኣባላት ጁንየር 1ን ኣብ መዓልቲ ቅዋም ምርኢት ኣየቕርቡን ኢዮም፣ እንተኾነ ግን ነቲ በቲ ባንድ ዝተውሃበ ሰንደቕ ዕላማ ኖርወይ ተሰኪሞም ሕብራዊ ሓለውቲ ኹይኖም ከገልግሉ ኢዮም። እቶም ተጻወትቲ ናብ ሰልፊ Klæbu ቕድሚ ምኻዶም እውን ምሳሕ ንምድላው ሓገዝ የድልየና ኢዩ።

## ማሕበራዊ ጕዕዞታት

ቅድሚ በዓላት ሳመር/ክረምቲ፣ ማሕበራዊ ምትእኽኻባት ክንውድብ ንጽዕር ኢና። ንእተወሰነ ዓመታት ጉዕዞ ነካይድ፣ ኣብ ካልእ ዓመታት ድማ ኣብቲ ኸባቢ ኣብ ዚርከብ ቦታ ናይ ቀዳመ ሰናብቲ ማሕበራዊ ምትእኽኻብ ነካይድ። ዋላኳ እዘን ጕዕዞታት እዚኣተን መብዛሕትኡ ግዜ ብሕታዊ ኣበርክቶ ዚሕታ ይኹና፣ እቲ ባንድ ነየናይ ጉዕዞ ኸም ዚገብር ግና ወለዲ እዮም ዚመርጹ። እቲ ማሕበራዊ ኮሚቲ እተፈላለየ ወጻኢታት ዝሓቱ እተፈላለዩ ኣማራጺታት ኬቕርብ እዩ። ተሳትፎ ምግባር ብኣማራጺነት ዝቐረበ እኳ እንተኾነ፣ ነቶም ቈልዑ ዘይርሳዕ ተመኩሮታት ስለ ዝህቦምን ምስ ካልኦት ኣባላት ዘለዎም ርክብ ስለ ዘደልድልን ብምኧኑ ግን ተሳትፎ ይበረታታዕ እዩ። ማሕበራዊ ጕዕዞታት ወትሩ በቶም ንደቆም ናይ ምክንኻን ሓላፍነት ዘለዎም ወለንተኛታት ወለዲ እዮም ዝምርሑ።

## ናውቲታት

እቲ ባንድ መሳርሒ ሙዚቃ፣ ናይ'ተን መሳርሒታት መዚቃ ቀዋሚን ከምኡውን ዩኒፎርምን የዳሉ። መልጎም ዘለዎ ጻዕዳ ካምቻ ምስ ጸሊም ጫማ ክህልወካ ኣለዎ። ይኹን እምበር፣ እተወሰና ጸዓዱ ካምቻታትን ጫማን ዘለዋና ብምኧነን፣ እንተደኣ ሓገዝ ደሊኻ ብ uniform@klabu-smk.no ተጠቐምካ ርኸበና። ብዛዕባ ሓደ ዓይነት ዩኒፎርም ምግባር ዝምለከቱ መምርሒታት ብዝምልከት ነቲ ንበይኑ ዝተዳለወ ሰነድ ረአ።

ኦርመስ ጃኬት ዚብሃል ናይ ክበብ ጃኬት እውን ነቕርብ ኢና። ኦርመስ ኣብ ናይ እቲ ባንድና ምልክት ዝረአ መፍለዪ ምስሊና እዩ። ጃኬት ኦርመስ ምዕዳግ ብኣማራጺነት ዝቐርብ እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ብኣባላት ባንድ፣ ወለዲ ከምኡውን ኣቦ ሓጎታትን እኖሓጎታትን ኣብ ግዜ ዕረፍቲ እዮም ዚኽደንዎ። ሓድሓደ ግዜ ዩኒፎርም ኣብ ዘየድልየሉ እዋን እውን ምርኢት ሙዚቃ ኣብ ዝካየደሉ ግዜ እውን ይኽደኑ እዩ። ይኹን እምበር እቶም ጃኬት ኦርመስ ዘይብሎም ሰባት ጸሊም ጃኬት ወይ ክዳን ኪኽደኑ ይኽእሉ እዮም። መብዛሕትኡ ግዜ እቲ ጃኬት ኣብ ዓመት ክልተ ሳዕ ኪእዘዝ ይከኣል እዩ።

## ክፍሊት ኣባልነት

ንኣለይቲ ምርኢት መዚቃ፣ መሳርሒታት ሙዚቃን ዩኒፎርምን ዘድልዩ ወጻኢታት ንምሽፋን ናይ ኣባልነት ክፍሊት ኣሎና።

እቲ ኽፍሊት ድማ ነቶም ተምሃሮ 1,000 NOK፣ 1,200 NOK ንጁንየር 1 ንጁንየር 2 ከምኡውን ነቲ ቐንዲ ባንድ ድማ 1,400 NOK እዩ። እንተደኣ ብዝኾነ ይኹን ምኽንያት ነቲ ኽፍሊት ክትከፍል ዘይትኽእል ኮይንካ፣ ምስቲ መራሒ ባንድ ተራኸብ፣ ቀኅጠባዊ ደገፍ ንምርካብ ድማ ክንሕግዘካ ንኽእል ኢና።

## ገንዘብ ምእካብ፡- ዕዳጋ ቀዳመ ሰናብቲ ን “Tøffe Tørk” ን

ናይ Klæbu School Band ናይ ቀዳመ ሰናብቲ ዕዳጋ ኩል ግዜ ኣብ እዋን ፎል ዝካየድ ስሩዕ ተግባርን እቲ ዝዓበየ ምንጪ ኣታዊናን ኢዩ።

***ዕዳጋቀዳመሰናብቲ*** ኩሉ ሰብ ክመጸሉ ትጽቢት ዝግበረሉ ሓደ ኣጋጣሚ እዩ። ካብ ነፍሲ ወከፍ ስድራ ቤት እንተ ወሓደ ኻብ ሓደ ወላዲ ሓገዝ የድልየና እዩ። ቀዳመ-ሰናብቲ ብስራሕ ትሑዝን ጫውጫው ዝበዝሖን ክኸውን ይኽእል፣ እንተኾነ ግን ባህ ዘብልን ማሕበራውን ኢዩ!

ዕዳጋ ቀዳመ ሰናብቲ ንልዕሊ ኣርባዕተ መዓልቲታት እዩ ዝካየድ። ሓሙስ ሰዓት 5:00 PM (ድሕሪ ቐትሪ) ኣቢሉ ኣብቲ ኣዳራሽ ዘድልዩና ነገራት ከነዳሉ ኢና፣ እዚ ድማ ጠረጴዛታት ቦታኦም ክሕግዙ ምግባር፣ ወፈያታት ምቕባልን ከምኡውን ኣቑሑ ዝቕመጡሉ ቀዋሚን ከምኡ ድማ ነቲ ካፌን ክነዳሉ ኢና። ዓርቢ፣ሐዚ እውን ሰዓት 5:00 PM ጀሚርካ፣ ካብ'ቲ ዝሓለፈ መዓልቲ ዝየተዛዘሙ ዝኾነ ንጥፈታት ጀሚርና ነቶም ዝቐረዩ ነገራት ነመዓራሪ። መብዛሕትኡ ግዜ ሓሙስን ዓርብን ክሳዕ ሰዓት 9:00 PM (ድሕሪ ቐትሪ) ኢና ንሰርሕ። ኣብ ቀዳምን ሰንበትን ድማ ናብ እተመደብናሉ እብረ ንመጽእ፣ ነቲ ድኳን ዚኸውን ምግቢ ነምጽእ፣ ነቲ ባንድ ዚኸውን ገንዘብ ንምእካብ ድማ ኣቑሑን ሸቐጣትን ንሸይጥ። ሰንበት፣ ሓደ ኣብታ እተመደብካላ እብረ ኽትካፈል ኢኻ ወይ ከኣ ኣብ ጽሬት ክትሕግዝ ኢኻ። ምቹእ ጫማ ምግባርን ናይ ማይ ጥርሙዝ ሒዝካ ምምጻኣካን ርግጸኛ ኹን። ምሉእ መዓልቲ ቡን ክቐርብ እዩ።

እቲ ክትሕግዘሉ እተመደበልካ እብረ ኣብ ናይ ሞባይል መተግበሪTutti ዕላው ክግበር እዩ፣ ምስ'ዚ ድማ ብዛዕባ ኬክ፣ ቡና፣ ዋፍልን ናይ ስቬል ጠስሚን ሒዝካ ብዛዕባ ምምጻእ ዝምልከት ሓበሬታ ክወሃብ እዩ። እንተደኣ ኣብቲ እተመደበልካ እብረ ኽትካፈል ዘይትኽእል ኮይንካ፣ ነቲ ኮሚተ ስራሕ ኣቐዲምካ ኽትሕብሮ ኣሎካ። ነቲ መደብ ናይ ምውዳብ ሓላፍነት ኣለዎም። ዕማምካ ኣብቲ ኣብ Klæbuhallen ዚርከብ ዕዳጋ ቀዳመ ሰናብቲ ምክፋል ከምኡውን ኣብ ገዛ እተሰርሐ ኬክ፣ ዋፍልን ጠስሚን ሒዝካ ምምጻእ እዩ።

መደባት ስራሕ ብ ኣስማት ቆልዑ ዝዳለዉ እኳ እንተኾኑ፣ ግን ድማ ናብቲ እተመደበ እብረ ናይ ምምጻእ ሓላፍነት ናይ ወለዲ ኢዩ። እተን ብዙሓት ቆልዑ ዘለዉወን ስድራ ቤታት ኣብቲ ባንድ ማዕረ እተን ሓደ ውሉድ ዘለወን እብረ ኣለወን። እንተደኣ ልዕሊ ሓደ ቆልዓ ኣለካ ኮይኑ፣ ኩሉ ስማቶም ኣብ ሓደ እብረ ኺወጽእ እዩ።

እቶም ዓበይቲ ቈልዑ (ደቂ 12ን ካብኡ ንላዕልን) ቀዳምን ሰንበትን ነቲ ድኳን ናይ ምምሕዳር ሓላፍነት ኣለዎም። ስማቶም ኣብቲ መደብ ብቐይሕ ሕብሪ ኪጸሓፍ እዩ።

ኣብ'ቲ ኣብ ዕለተ ሰንበት ዝካየድ ጽሬት፣ እቶም ትሕቲ 12 ዝዕድሚኦም ቈልዑ ንድሕንነት ክበሃል ኣብ ጥቓ እቲ ኣብ ግዳም ዚርከብ ኮንተይነራት ኪቐርቡ ኣይፍቀደሎምን እዩ ።

ብዛዕባ ዕዳጋ ቀዳመ ሰናብቲ ዝምልከት ዝያዳ ሓበሬታ ኣብ'ቲ ናይ ሞባይል መተግበሪ Tutti ኺወሃብ እዩ። እንተደኣ ብዛዕባ ዝኾነ ይኹን ነገር ርግጸኛ ዘይኮንካ ኮይንካ፣ ከይተሰከፍካ ሕቶኻ እቕርብ።

**“Tøffe Tørk”**

Tøffe Tørk ካብቶም ናይ'ቲ ባንድ ናይ ገንዘብ ንምእካብ ዝግበሩ ተግባራት፣ እቲ ኻልኣይ ደረጃ ዝሓዘ ዓብዪ መተኣኻኸቢ ገንዘብ እዩ፣ ኣብ'ዚ ድማ ናይ ክሽነን ሽቓቕን ሶፍት ንሸይጥ። እቶም ነዚ ኣቕሑ እዚ ዚሸጡ ተጻወትቲ ካብቲ ዚሸጡሉ እተወሰነ ኽፋል እቲ መሸጣ ኣብ ናይ ጉዕዞ ሕሳቦም ይቕበሉ እዮም ፣ በዚ ድማ ንጉዕዞ ባንድ ዚኸውን ገንዘብ ኪዋህልሉ ይኽእሉ እዮም። ኮሚተ Tøffe Tørk እቲ መሸጣ መዓስ ከም ዚጅምር ክሕብረካን፣ ነቶም ብወለዲ ዝተኣዘዙ ኣቕሑ ብዝምልከአት ምስ'ቶም ኣቕረብቲ ክትትል ከካይድን እዩ። እቶም ኣብ ክንዲ እቲ ባንድ ሶፍት ዚሸጡ ወለዲ ክፍሊት ኪእከቡ ኣለዎም፣ ከመይሲ እቲ ባንድ ነቲ ትእዛዝ ዝሃበ ወላዲ ወይ ተወዳዳሪ ናይ ክፍሊት ወረቐት ይልእኽ እዩ። ተወሳኺ ሓበሬታ ብ ናይ ሞባይል መተግበሪ Tutti ዕላው ክግበር እዩ። ብዛዕባ Tøffe Tørk ዚለዓሉ ሕቶታት ናብ [toffetork@klabu-smk.no](mailto:toffetork@klabu-smk.no) ኪለኣኹ ይኽእሉ እዮም

ዝተሓተ ዝበሃል መጠን መሸጣ የለን፣ ኩሉ እቲ ወፈያታት ድማ ብምስጋና ኢና ንቕበሎ!

## ፍትሓዊ ጸወታ

ኣብዚ ኣብ Klæbu School Band፣ ፍትሓዊ ጸወታ ክበሃል እንከሎ ነቲ ናይ ሙዚቃ መሳርሒኻ ምጽዋት ጥራይ ኣይኮነን። ፍትሓዊ ጸወታ ኣብ እዋን ልምምድ ኰነ ካብ ናይ ልምምድ ግዜያት ወጻኢ ብዛዕባ ንሓድሕድና ንረኣኣየሉን እንረዳዳኣሉን መገዲ ዝምልከት እዩ።

ኩሉ ሰብ ነንባዕሉ ናይ ቀረባ መሓዛ ኪኸውን ኣይንጽበን ኢና፣ እንተኾነ ግን ኩሉ ሰብ ጽቡቕ ጠባይ ኬርእን ንኻልኦት ብኣኽብሮት ኪሕዞምን እዩ ትጽቢትና።

- ነቲ ኣለይቲ መዚ.ቃና፣ ንኣባላት ቦርድናን ንእተመርጹ ተወከልትናን ንሕግታትናን ንመምርሒ.ታትናን ኣኽብር።
- ንብጾትካ ኣባላት ባንድን ንማሕበረሰብካን ኣኽብር።
- ንኣባላት ካልኦት ባንድ እውን ኣኽብሮት ይሃልኻ።
- ኣብ ልምምድ፣ ኣብ ሙዚ.ቃዊ ምርኢት ከምኡውን ኣብ ካልኦት ኣጋጣሚ.ታት ንምክፋል ግዜኻ ሓሊኻ ተረኸብ፣ እንተደኣ ኣብቲ ምድላው ኽትካፈል ዘይትኽእል ኮይንካ ድማ ኣቐዲምካ ንገረና።
- ን ምድንዳን፣ ዓሌታዊነትን ካልኦት ኣሉታዊ ባህርያትን ዕሽሽ ኣይትበል። እዚ ኺፍጸም ከሎ እንተ ርኢኻ፣ ንሓደ በጽሒ ክትሕብር ኣለካ።
- ሓገዝ እዚ ንኹሉ ሰብ ዘሐጉስን ባህ ዘብልን ከም ዝኸውን ይገብር።
- ንበይኑ ኣብ ባንድ ክጻወት ዝኽእል ዋላ ሓደ የለን፣ ካብ ዝኾነ ይኹን ሰብ ብላዕሊ ዘገድስ ሰብ ከኣ የለን።

እቲ ናይ ቤት ትምህርቲ ባንድ፣ ኩሉ ሰብ ሙዚ.ቃ ተጻዊቱ ዝሕጎሰሉን፣ ከምኡውን ኣኽብሮት ማዕርነትን ፍትሒ ከምኡውን ኣወንታዊ ኣረኣእያ ኣገዳስቲ ስነ - ምግባራዊ ስርዓታት ዝኾኑሉ ሃዋሁው ንምፍጣር ቁርጸኛ እዩ።